# መን እዩ መን?

ኣብ ሃገር እንግሊዝ ምስ መጻእኩም ምስ ዝተፈላለዩ ዓበይቲ ሰባት ክትራኸቡ ኢኹም። ግን እዚኦም ሰባት ትራኸብዎም መን እዮም? እዚ ጽሑፍ መግለጺ እዚ እቶም ምሳኹም ዝራኸቡ ዝተፋላለዩ ሰባት እንታይ ስርሖም እንታይ ከምዝኮነን ንዓኩም ከመይ ጌሮም ክሕግዙኹም ከምዝኽእሉ  ዘረድእ (ዝገልጽ) ጽሑፍ እዩ፡









እዚ መግለጺ ጽሑፍ እዚ ነቶም ትሕቲ ዕድመ ዝኾኑ ሰባት ኣብ ሃገር እንግሊዝ ንበይኖም ብዘይ ኣለይቲ ዝመጹን ዑቕባ ዝሓቱ ዘለውን ዘረድእን እዩ።

እዚ ጽሑፍ እዚ እንተ ድኣ ዘይተረድኣኩም ንዓበይቲ ሰባት ክንብቡልኩም ሕተትዎም።

Migrant & Refugee Children's Legal Unit



እንተ ደሊኹም እዚ ጽሑፍ መግለጺ ምሳኹም ሒዝኩሞ ኪዱሞ ምስ ሓደስቲ ሰባት ክትራኸቡ ከለኹም ናትኩም ስራሕ ካየናዩ እዩ ኢልኩም ናብ እዚ ወረቐት ከመልኩትልኩም ክትሓትዎም ትኽእሉ ኢኹም ፡ እንታይ ይመስለኩም ከምኡ እንተገብረኩም?



ኣብ እዚ መግለጺ ጽሑፍ ተገሊጾም ዘለዎ ሰባት ከካ መዓስ ምስኦም ከከምትራኸብዎም በብተራ እዩ ተጻሒፉ ዘሎ። ኩሎም እቶም ሰባት ነናቶም ሓላፍነት እዩ ዘለዎም ግን ሓድ ሓደ ግዜ ሓደ ዓይነት ኮይኖም ክረኣይኩም ወይ ከካ ዝተተሓሓዙ ኮይሞም ክስምዑኹም ይኽእሉ እዮም።

እቶም ሓድ ሓደ ዓበይቲ ሰባት ምሳኹም ዝሰርሑ ብዛዕባኹም ዝምልከት ሓበሬታ ምስ ካልኦት በዓል ሞያታት እቲ ናትኩም ዝርዝር (ሽም፡ ዕድመ ትውልዲ ኣድራሻ) ዝዓመስለ ሓበሬታት ምስ ካልኦት በዓል ሞያታት ክካፈልዎ ይኽእሉ እዮም። እዚ ዝገብርሉ ምኽንያት ከካ መታን ብሓደ ክሰርሑን ንዓኹም ዚያዳ ጽቡቐ ጌሮም ክሕጉዙምኽን ናታትኩም ደሕንነት ብጽቡቐ መንገዲ ክሕሉ ከኽእሎም መታን እዩ።

ሓድ ሓደ ዓበይቲ ሰባት መብዛሕትኡ ጊዜ እቲ ናትኩም ሓበሬታት ምስ ካልኦት በዓል ሞያታት ቅድሚ ምክፋሎም ፍቓድ ካባኹም ክረኽቡ ኣለዎም። መብዛሕትኡ ጊዜ ከካ ንዓኹም ካየናይ ሓበሬታ ብዛዕባኹም ዝምልከት ክካፈሉ ከምዘለዎም ከተፍቅዱ ወይ ከይተፍቅዱ ምርጫ ኣለኩም፡ እዚ ምርጫ ዘይህልወኩም ጊዜ ከካ እንተ ድኻ ንስኹም ወይ ከካ ካልእ ሰብ ኣብ ከቢድ ሓደጋ እንተ ድኻ ሃልዮም ጥራይ እዩ።

# ኣስተርጎምቲ

## መን ምኻኖም

ናይ interpreter’s ኣስተርጎምቲ ቀንዲ ስራሕ መታን ኩሉ ነገራት ክርድኣኩም እቲ ንስኹም ትብሉዎ ወይ ከኣ ትዛረብዎ ነገራት ብሙሉኡ ቃል ብቓል ናብ እንግሊዘኛ ቋንቋ ብንጹር መንገዲ ክስተርጉሙ እዩ ከምኡ እውን እቲ ኩሉ ዝተባህለ ነገራት ብእንግሊዘኛ ቋንቋ ከ ናብ እቲ ንስኹም ትዛረብዎ ቋንቋ ብንጹር መንገዲ ክደግምዎ እዩ።

## እንታይ ከምዝገብሩ

መብዛሕትኡ ጊዜ ምስ ዓበይት ሰባት ቆጸራ ክግብረልኩም ከሎ ክትራኸቡ ኣብ እቲ ኣኼባኹም ኣስተርጎምቲ ክህልዉ እዮም፡ እዚ ከኣ መታን ንስኻትኩም ብቐሊሉ ክትዘራረቡ ክሕግዘኩም ክሕግዘኩም ተባሂሉ ዝግበር ነገራት እዩ፡ ከምኡ እውን ኣስተርጎምቲ ክጽወዓልና ንደሊ ኢና ኢልኩም ክትሓቱ ከኣ መሰል ኣለኩም። ኣስተርጎምቲ ናይ ሕጊ ምኽሪ ክመኽሩኩም ናቶም ሞያ ወይ ከኣ ዝተዋህቦም ትምህርቲ/ታዕሊም የብሎምን፡ እንታይ ክትገብሩ ከምዘለኩም ወይ ከኣ እንታይ ክትብሉ ከምዘለኩም ከኣ ክነግርኹም ኣይግበኣን እዩ።

እቶም ኣስተርጎምቲ ዘተርርጉምልኩም ዘለዎ እንታይ ይብሉ ከምዘለዎ እንተ ድኣ ዘይተርድኣኩም ወይ ከኣ ኩሉ እቲ ዝተባህለ ነገራት ጽቡቐ ጌሮም ዘየተርጉምልኩም እንተ ድኣ ኮይኖም ብዛዕባ ኣስተርጎምቲ ዝኾነ ኣተሓሳሳቢ ኩነታት እንተ ድኣ ኣለኩም ኮይኑ ብኽብረትኩም ነቶም ዝኣልይኹም ወይ ከኣ ሰራሕተኛታት ሓብርዉዎም ኢኹም። ብዝኾነ ይኹም ምኽንያት ምስ እቶም ዘተርጉምልኩም ዘለው ሰባት ጽቡቐ ወይ ከኣ ምቹእ ኮይኑ እንተ ድኣ ዘይተሰመዓኩም ካልእ ኣስተርጓሚ ክቐየረልኩም መሰል ኣለኩም።



# ናይ ኢሚግረሽን ጸሓፊ/ት

## መን ምኻኖም

ቀንዲ እቲ ናይ immigration officer ኢሚግረሽን ጸሓፊ/ት ስራሕ ከኣ እቲ ሕጊ ኢምግረሽን ኣብ ሃገር እንግሊዝ ዘሎ ኣብ ተግባር ዊዒሉ ከምዘሎ ምርግጋጽ እዩ።እቲ ሓድሓደ ናይ ኢሚግረሽን ጸሓፊ ዘለዎም ሓላፍነትን ከኣ ተመሳሳሊ ከም ናይ ፓሊስ ዘለዎ ሓላፍነት እዩ፡ እንተኾነ ግን ምስ ፓሊስ ክፍሊ ስራሕ ኣይኮነን ምዱባት ናቶም ክፍሊ ስራሕ ፍሉይ እዩ፡ ናቶም ስራሕ ምስ ናይ ሃገር እንግሊስ መንግሲ ቤት ጽሕፈት Home Office (ሆም ኦፊስ) ዝበሃል እዩ።  ንትካ ደሕንነትን ጥሕናኻኻን ዝተማለኤ ከኸውን ከምዘለዎ ከረጋግጹ ሓላንነት ኣለዎም።

## እንታይ ከምዝገብሩ

ኣብ ሃገር እንግሊዝ ንመጀመሪያ ጊዜ ክትመጽእ ከለካ ናይ ኢሚግረሽን ጸሓፊ ኣብ ምቑኡን ደሕንነትካ ዝመላኣሉ ቦታ ክወስደካ እዩ ስጋብ ናይ ጉዕዞኻ ሰንኪ ትዓርፍ። ብድሕሪኡ ካባኻ እቲ ናይ ኢሚግረሽን ጸሓፊ ናትኩም መባእታዊ ዝርዝር መን ሙኻንንኩም ካብየ ሃገር ከምዝመጸእኩም ሓበሬታ ክወስድ እዩ፡ ብድሕሪኡ ናብ እቶም ናይ social services (ሶሻል ሰርቪስስ) ሕብረተሰብ ሰራሕተኛ ከመሓላልፍኹም እዮም ብድሕሪኡ ንሳቶም ከኣ ዘድልየኩም ምእላይ ከመሓድሩልኩም እዮም። ከምኡ እውን ንሳቶም ምናልባት ዑቕባ ከምዝሓተትኩም ከኣ ከመዝጉቡኹም ይኽእሉ እዮም። እዚኣቶም ናይ ኢሚግረሽን ጸሓፍቲ ብዛዕባ እቲ ዑቕባ ሓቲትኩሞ ዘለኹም ጉዳይኩም ውሳኔ ዝውስን ሕቶታት ክሓትኹም የብሎምን፡ ብዛዕባ ኣብ ሃገር ኣንግሊዝ ክትነብሩ ትኽእሉ ዲኹም ዋላስ ኣይፋልን፡ እንተ ኾነ ግን  መልሲ ክትህቡ ከለኹም ኩሉ ጊዜ ሓቂ ክትዛረቡ ኣለኩም፡ እቲ ንስኹም ትህብዎም መልሲ ከኣ ክጽሕፍዎ እዮም።





# ናይ ማህበረሰብ ሰራሕተኛ

## መን ምኻኖም

ናይ social worker (ሶሻል ዎርከር) ማሕበረሰብ ሰራሕተኛ ሓላፍነት ኣብ እቲ ዝነብርሉ ከባቢ ዘድልዮም ነገራት ከማላኣሎም ዘማሓድሩ ሰራሕተኛታት እዮም። ኣብ ሃገር ኣግንሊዝ በይንኹም በዘይ ቤተሰብ ዝኣልየኩም ዘይብልኩም በይንኹም ስለዝመጻእኩም Local Authority (ሎካል ኣውዞሪቲ) ኣብ ከባቢኹም ዝርከብ ናይ ቤት መንግስቲ ዞባ ከኣልየኩም ሓላፍነት ኣለዎ ማለት እዩ። ንሳቶም ከኣ ካብ ሓደጋ ነጻ ዝኾነ መንበሪ ቦታ ከህልወኩም ከምዘለዎ የረጋግጹ፡ እኹል መግቢ፡ ከዳውንትን ናይ ጥዕና ኣገግሎትን፡ ትምህርቲ ከምኡ እውን ካልእ ዘድልየኩም ነገራት ከም ትሕቲ ዕድመ ምኻንኩም ክመላኣልኩም ከምዘለዎ ከኣ የረጋግጹ። እዚ ከኣ “looked after” or “in care.” “ተኣሊኹም ከምትነብሩ” ወይ ከኣ “ኣብ ትሕቲ ምእላይ” ኣለኹም ማለት እዩ።

## እንታይ ከምዝገብሩ

እቶም ናይ social worker (ሶሻል ዎርከር) ማሕብረሰብ ሰራሕተኛ ብዛዕባ እቲ ትእለይሉ መንገዲን እንያይ ከምዘድልየኩምን ውሳኔታት ከውስኑ እዮም። እቶም ናይ social worker (ሶሻል ዎርከር) ማሕብረሰብ ሰራሕተኛ እንተዋሓደ ኣብ 6 ሰሙን መጺኦም ክበጽሑኹም ይግባእ። እቲ ንስኹም ትብልዎ ነገራት ክሰምዑኹም ይግባእ፡ ከምኡ እውን ብዛዕባ እቲ ንስኹም ትደልይዎን ነገራትን ስሚዒትኩምን ከኣ ኣብ እቲ መደብ ናይ ምእላይኩም ክወጽእ ክሎ ኣብ ተግባር ክውዕልዎ ይግባእ። ብዛዕባኹም ዝተወሰነ ውሳኔታት መግለጺ ክወሃበኩም ይግባእ ከምኡ እውን እቲ ንስኹም ትህብዎ ሪኢቶ ወይ ከኣ ሓሳብ ክስማዕ ይግባእ። እንተ ድኣ እንግሊዘኛ ቋንቋ እንተ ድኣ ዘይርድኣኩም ኮይኑ ኩሉ ጊዜ ምሳኹም ክዘራረቡ ክለው ኣስተርጓሚ ክጥቀሙ ይግባእ። ምናባት ሓድ ሓደ ጊዜ ካብ ሓደ ንላዕሊ እቶም ናይ



# (ፎስተር ኬረር) ኣለይቲ ሞግዚት

## መን ምኻኖም

እዞም  foster carer (ፎስተር ኬረር) ኣለይቲ ሞግዚት ከበሃሉ ከለዎ ሰባት ማዕጾ ገዝኦም ከፊቶም ን ቆልዑት ከኣልዮም ዝኽእል ወለዲ ወይ ከኣ ቤተሰብ ዘይብሎም ዝኣልዩ እዮም።

## እንታይ ከምዝገብሩ

Foster carer (ፎስተር ኬረር) ኣለይቲ ሞግዚት ካብ ሓደጋ ነጻ ዝኾነ ምንበሪ ቦታ ይህቡ። ንሳቶም ከኣ እቲ መዓልታዊ ዘድልየኩም ነገራት እንዳኣማልኡ ከኣልይኹም እዮም፡ ከምኡ እውን ናብ ቤት ትምህርቲ ይወስድኹም፡ ዘድልየኩም ነገራት ይገዝኡልኩም ከም ከዳውንትን ዘድልየኩም መግብን ዝኣመሰለ።  ከምኡ እውን Foster carer (ፎስተር ኬረር) ኣለይቲ ሞግዚት ምስ ዝተፈላለዩ ካልኦት በዓል ሞያታት ልዕሊ ዕድመ ኣብ ሂወትኩም ዘድልየኩም ነገራት ከኽመላኣልኩም ዝሰርሑ ከኣ ርክብ ኣለዎም ንኣብነት ናትኩም social worker (ሶሻል ዎርከር) ናይ ማሕብረሰብ ሰራሕተኛ ናትኩም ሓኪም   GP (ጂ.ፒ)፡ ናትኩም ጠበቓ  ከምኡ እውን ናትኩም መምሃራናን። ናይ እቶም ሞግዚት ሂወት ኣነባብራ መንገዲ ምናልባት ከም እቲ ስኻትኩም ዝለመድኩሞ ኣነባብራ ዓየንት ከይከውን ይኽእል እዩ፡ ከምኡ እውን እንተ ድኣ እዚ ኩነታት እዚ ንዓኹም ዘጸግመኩም ወይ ከኣ እንተ ድኣ ከቢድ ኮይኑ ረኺብኩሞ ዝስመዓኩም ነገራት ከትዛረቡን ሓገዝ ከትሓቱንን ኣለኩም።



# ውሱን ስራሕ ዘለዎም ነርስን ናይ ኣጠቓላይ ሓኪም GP (ጂ.ፒ) (General Practitioner) ጀነራል ፕራክቲሽነር

## መን ምኻኖም

ናይ designated nurse ውሱን ስራሕ ዘለዎም ነርስን ከበሃል ከሎ ነርስ ኮይኖም ኢቲ ዘሎ ጸገማትን ከቢድ ዝኾነ ኩነታት ናይ ቀልዑት ኣብ ትሕቲ ምእላይ ዘለውን ዝርድኡን ብ social worker (ሶሻል ዎርከር) ናይ ማሕብረሰብ ሰራሕተኛታት ዝኣለዩን እዮም። ንሳቶም ምስ እቶም social worker (ሶሻል ዎርከር) ናይ ማሕብረሰብ ሰራሕተኛታት ብሓባር ብምስራሕ ብዛዕባ ጥዕናኹም ዘድልየኩም ነገራት ከምዝተማልኣልኩም ዘረጋግጹ እዮም።

A GP (ጂ.ፒ) ከብሃል ከሎ ከኣ ዶክተር ኮይኑ ኣጠቓላይ ወይ ከኣ ኩሉ ናይ ጥዕና ኩነታት ዝምልከት ሕክምናን ምኽርን ነቶም ኣብ ከባቢኡ ዘሎ ዝሕቡ ወይ ከኣ ዝሕከሙ እዮም።

## እንታይ ከምዝገብሩ

ናይ እዚ ስራሕ ንኽሰርሑ ዝተመደቡ ነርስ ከኣ ዝኾነ ዓይነት ናይ ጥዕና ጸገማት ከይህልወኩም ምርመራታት ከካይድልኩም እዮም። እዚ ከኣ “first assessment.” “ቀዳማይ ምርመራ” ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዚ ምርመራ ንኽግበረልኩም ከኣ ልክዕ ናብ ሃገር እንግሊዝ ምስ መጸኣኩም ከማላእ ይግባእ። ምስ ሓኪም GP (ጂ.ፒ) ገንዘብ ከይከፈልኩም ሕክምና ክትወስዱ ወይ ከኣ ሓኪም ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፡ ዝኾነ ናይ ጥዕና ጸገማት እንተ ድኣ ሃሊይኩም ወይ ከኣ ካልእ ናይ ጥዕና ጸገማት እንተ ሃሊይኩም፡ ሕጉሳት ወይ ከኣ መንፈስኩም ጽቡቕ እንተድኣ ዘይተሰመዓኩም ወይ ከኣ ድቃስ ለይቲ እንተ ድኣ ኣቢይኩም። ኣብ ሃገር እንግሊዝ ናይ ጥዕና ሕክምና እንተ ድኣ ተጌርልኩም መድሃኒት እንተ ድኣ ተኣዚዝልኩም ወይ ከኣ ናይ ስኒ ወይ ናይ ዓይኒ ሕክምና እንተ ድኣ ተጌሪልኩም ወለሓንቲ ገንዘብ ኣይትኽእሉን ኢኹም።






ምስ ነርስ ወይ ከኣ ምስ ሓኪም GP(ጂ.ፒ) ብዛዕባ ዘለኩም ናይ ጥዕና ጸገማት ከትዛረቡ ከለኹም ሓቂ ንኽትዛረቡ ወለሓንቲ ከትፈርሑ የብልኩም። እቶም ንዓኹም ከኣልዩ ዝተመደቡ ነርስ ኣስተርጓሚ ከቐጽረልኩም ይግባእ ምሳኹም ናብ እቲ ሕክምና ዝከዱ ምስ ሓኪም GP(ጂ.ፒ) ከትሪኡ ከትከዱ ከለኹም።

እቲ ዝሕተተኩም ሕቶ መልሲ ንኽትህቡ ዘሸግረኩም እንተ ድኣ ኮይኑ፡ እንተ ዳኣ መልሲ ንመሃብ ትፈርሑ ኮይንኩም፡ ከም ጽያፈ እንተ ድኣ ተሰሚዑኩም ወይ ከኣ ተጸሊኢኩም ወይ ከኣ እቲ ከትህብዎ ትደልዩ መልሲ ዘይትዝክርው ወይ እንተ ድኣ ረሲዒኩሞ ኮይንኩም ከምኡ ኢልኩም ከትሕቡሩ ኣለኩም። ኣነ ብዛዕባ እዚ “ከዘራረብ ኣይከእል እየ ኣብ እዚ ሰዓት እዚ” መሰል ኣለኩም።

ከምእዚ ኢልኩም መግለጺ እንተ ድኣ ዘይሃብኩም ግን እቲ ቃለመጠይቕ ዝገብረልኩም ሰብ ጸገማት ከምዘለኩም ከፈልጥ ኣይከእልን እዩ፡ ንሳቶም እዚ ጸገማት ከምዘለኩም ከፈልጡ ወይ ከኣ ከርድኦም ከኣ ኣገዳሲ እዩ።



- ዝኾነ ሰብ ምሳይ ከሓርቑ እዩ ወይ ከኣ ስነስርዓት የብልኩምን ኢልኩም ከትፈርሑ የብልኩምን።
- ብዛዕባ ናይ ቤት ትምህርቲ ከተማልእዎ ዘለኩም ዝወሃበኩም መምርሒታት ወይ ከኣ ናይ foster carer (ፎስተር ኬረር) ኣለይቲ ሞግዚት መንበሪ ገዛ ዝምልከት ዘይተረድኣኩም እንተድኣ ኮይኑ መግለጺ ከወሃብኩም – ሕተቱ









- ሓቂ ከትዛረቡን ኩሉ ዘሎ ሓበሬታታትን ዝርዝር ምሳና ከትካፈል ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ ።
- ዝደለኹሞ ሕቶታት ከትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም፡ ከምኡ እውን እንተ ድኣ እቲ ዝተባህለ ዘይትቕበልዎ ኮይንኩም ከምዘይትቕበልዎ ከትገልጹ ኣለኩም።

# ጥበቓ

## መን ምኻኖም

ጠበቓ ክበሃል ከሎ ሓደ ሰብ ብዛዕባ  ሕግታት ዘጽንዔ በዓል ሞያ ኩሉ ዝፈልጥ ከምኡ እውን እቲ ሕጊ ዝርድኦ ክኸውን ከሎ እዩ። ናይ ኢሚግረሽን ጠብቃ ከኣ ብዛዕባ እቲ ሕጊ ናይ Home Office (ሆም ኦፊስ) ብዛዕባ እቲ ዑቕባ ሓቲትኩም ዘቐረብኩሞ ምልካታ ውሳኔ ንኽውስን ዝጥቀመሉ እዩ፡ እንተ ኾነ ግን ካልኦት ዓይነት ጠበቓታት ከኣ ኣለው ንኣምነት ብዛዕባ ናይ ገበን ዝፍጸሕ ሕግታት ዘንጽዑ ከምኡ እውን ናይ ቤተሰብ ጠባቓታት ኣለዎ ወይ ከኣ ናይ ማሕብረሰብ ኣገልግሎት ሕጊ ዘጽንዑ ጠበቓታት ከኣ ላለው።

## እንታይ ከምዝገብሩ

ዘሕተተኩም ኩነታት ዘጋጠመኩም ጸገማት ኩሉ ክፈልጡ አለዎም። ኩሉ እቲ ንስኹም ትብልዎ ነገራት ከኣ ክሰምዑኹም ይግባእ።

ምሳኹም ከኣ ብዙሕ ሻዕ ክራኸቡ እዮም መታን ኩሉ እቲ ዘጋጠመኩም ኩነታት ዝርዝር ክወስዱም ዚያዳ ኩሉ ክርደኦም መታንን። እቲ ጠባቓኩም እንተ ድኣ ዘይትርድእዎ ኮይንኩም ወይ ከኣ ምስኦም ክትዛረቡ ትፈርሑ እንተ ድኣ ኮይንኩም ወይ ከኣ ጽይፍታ እንተ ድኣ ተሰሚዑኩም ምስኦም ንኽትዘራረቡ፡ ንኻልእ ሰብ ክትሕብሩ ይግባእ። ምናልባት ምስ ካልእ ጠበቓ ክትሰርሑ ትኽእሉ ትኾኑ ኢኹም።

እቲ ናትኩም ጠበቓ ብዛዕባ እቲ ዘሕለፍኩሞ ጸገማት ነቲ ዑቕባ ሓቲትኩሞ ዘለኹም ጉዳይ ዝድግፍ ክርደኣልኩም ክሕግዘኩም ይግባእ። ኣብ እቲ ዝግበረልኩም ቀጸራታት ቃለ መጠይቐ ክትገብር ኡ ምስ ናይ ኢሚግረሽን ጸሓፍቲ ከኣ ኩሉ ጊዜ ምሳኹም ክህልው ይግባእ ወይ ከኣ ምስ ፓሊስ ክትዘራረቡ ከለኹም መታን ኩሉ እቲ ዘድሊ ሓበሬታታት ብሰዓቱ ትህቡ ከምዘለኹም ክረጋግጹ።

እቶም ጠበቓኩም ንዓኹምብዛዕባ እቲ ዑቕባ ሓቲትኩሞ ዘለኹም ጉዳይኩም ክሕግዙኹም መታን  ገንዘብ ክትፈክሉ ክሕግዘኩም የብሎምን። እንተ ኾነ ግን ብሽምኩም ነቲ ዑቕባ ሓቲትኩሞ ዘለኩም ጉይኩም ክሕግዙኹም መታን ን ናይ መንግስቲ ቤት ጽሕፈት “legal aid” (ሊጋል ኣይድ ዝበሃል) ገንዘብ ክኽፈሎም መታን ክሓትዎም ይኽእሉ እዮም፡ እዚ ማለት ግን ንሳቶም ምስ መንግስቲ ይሰርሑ እዮም ማለት ኣይኮነን።



# ብቑዕ ወይ ከኣ ሓላፍነት ዘለዎ ልዕሊ ዕድመ ሰብ Appropriate or Responsible adult (ኣፕሮፕሪኤት ኣዳልት)

## መን ምኻኖም

እቶም “appropriate adult” “ኣፕሮፕሪየት ኣዳልት” “ብቑዕ ልዕሊ ዕድመ ዝኮነ” ወይ ከኣ “responsible adult” “ረስፖንሲፕል ኣዳልት” “ሓላፍነት ዘለዎ ልዕሊ ዕድመ ዝኾነ ሰብ” ከበሃል ከሎ ቃል መጠይቕ ክግበረልኩም ከሎ ሓላፍነት ዘለዎ ሰብ ናትኩም መሰል ዝተሓለወ ክኸውን ክምዝለዎ ን ደሕንነትኩም

## እንታይ ከምዝገብሩ

ብዛዕባ እቲ ዑቕባ ዝሓተትኩሞ ቃለ መጠይቕ ክግብረልኩም ከሎ ምሳኹም ክህልው እዮም ከምኡ እውን ናይ ዕድመኹም ዝምልከት ምርመራ ክግበረልኩም ከሎ (እዚ ከኣ ወግዓዊ ዝኾነ ኣገባብ ዕድሜኹም ክንደይ ከምዝኾነ ክውሰነልኩም መታን ዝካየድ እዩ) ወይ ከኣ ናይ ፖሊስ ቃለ መጠይቕ ክግብረለኩም ከሎ። ንሳቶም ንዓኹም ውልቃዊ ዝኾነ ሓገዝ ክህብኹም እዮም፡ እንተ ድኣ ቃለመጠይቕ እንዳተገበረልኩም ከሎ ዘድልየኩም ነገራት ሃልዩ ንሳቶም ነዚ ክመላኣልኩም ከምዘለዎ ነቶም ቃለመጠይቕ ዝገብርልኩም ሰባት ከማልኦ ከምዘለዎም ክሓትልኩም ይኽእሉ፡ ከምኡ እውን ኩሉ እቲ ዝካየድ ዘሎ ነገራት ጽቡቕ ጌሩ ከምዝተረድኣኩም ከረጋግጹን ከምኡ እውን ንስኹም ብቐሊሉ ክትዘራረቡ ከምትኽእሉ የረጋግጹ። እቶም ሓላፍነት ዘለዎም ልዕሊ ዕድመ ዝኾነ ሰባት ከኣ እቶም foster carer (ፎስተር ኬረር) ኣለይቲ ሞግዚት ክኾኑ ይክእሉ ወይ ከኣ social worker (ናይ ማሕብረሰብ ሰራሕተኛ) ወይ ከኣ፡ refugee support organisation worker (ረፉጂ ሳፖርት ኦርጋኒዛቲኦን ዎርከር) ን ስደተኛታት ዝህግዙ ናይ እቲ ትካል ዘራሕተኛታት ክኾኑ ይኽእሉ፡ ወይ ከኣ guardian (ጋርዲያን) ከም ወለድኹም ኮይኖም ንዓኹም ዝሕግዙ እንተኾነ ግን እዚኣቶም ኣቐዲምኩም ትፈልጥዎም ትኣምንዎም ክኾኑ ኣለዎም።



# (ሆም ኦፍሲት) ነቲ ጉዳይኩም ዝሓዙ ሰራሕተኛ

## መን ምኻኖም

እቶም Home Office (ሆም ኦፍሲት) ነቲ ጉዳይኩም ዝሓዙ ሰራሕተኛ ከ ብዛዕባ እቲ ዑቕባ ሓቲትኩሞ ዘለኹም ግዳይኩም ሕቶታት ክሓትኹም እዮም እዚ ከኣ ቃለመጠይቕ እዩ፡ ብዛዕባ እቲ ዘጋጠመኩም ጸገማት ሓቢርኩሞም ዘለኹም ክምርመሩ መታንን ነቲ ሓበሬታት ምርመራ ክግበሩን ከምኡ እውን ብዛዕባ እቲ መርትዖ ንስኹም ወይ ከኣ እቶም ናትኩም ጠበቃ ዘቕርቦ ብዛዕባ እቲ ዑቕባ ሓቲትኩሞ ዘለኹም እዚ ኩሉ ምስ እቲ ብዛዕባ እዚ ዘሎ ናይ መንግስቲ ሓብሬታት ን መምርሕታትን ከወዳድርዎ እዮም። ነዚ ኩሉ ብምጥቃም ከኣ እንታይ ዓይነት መንበሪ ፍቓድ ክህቡኹም ከምዘለዎም ኣብ እዚ ሃገር እንግሊዝ ክትነብሩ ክትጸንሑ መታን ክውስልኩም ይሕዞም።

## እንታይ ከምዝገብሩ

ትህብዎ መልሲ ከኣ ክሰምዑኹም ኣለዎም። ነቶም ነቲ ጉዳይኩም ሒዞሞ ዘለው ሰራሕተኛ ኩሉ እቲ ዘጋጠመኩም ነገራት ክትሕርዎም ወለሓንቲ ኣይትፍርሑ - እንተ ድኣ ዘሓበርኩሞ ንሳቶም ብሽሕር ጌሮም ነቲ ዘጋጠመኩም ጸገማት ክፈልጥዎ ኣይክእሉን እዮም! ከምኡ እውን ኩሉ ጊዜ ሓቂ ጥራይ ክትዛረቡ እውን ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ፡ እንተ ድኣ ዘይፍትፈልጥዎ ኮይንኩም ከኣ ኣይፈልጦን እየ ክትብሉ ኣለኩም ወይ ነቲ ክትህብዎ ትደልዩ መልሲ ርግጸኛታት እንተ ድኣ ዘይኮንኩም ኣነ ርግጸኛ ኣይኮንኩም ኢልኩም ክትሕሩ ኣለኩም። እቶም ነቲ ጉዳይኩም ሒዞሞ ዘለው ሰራሕተኛ ዝውሱኑልኩም ውሳኔ ከኣ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ኣይኮነን፡ appeal ይግባ ክትብሉ መሰል ኣለኩም።

እንተ ድኣ ናብ እቲ ናይ National Referral Mechanism (NMR) (ናሽናል ረፈራራል መካኒስም (ኤን.ኤን.ኣር) ሃገራዊ ናብ ካልእ ዘመሓላለፉ መንገዲ) ተመሓላሊፍኩም ካልእ ናይ Home Officer(ሆም ኦፊስ) ነቲ ጉዳይኩም ዝርኢ ሰራሕተኛ ተጨዊኹም ዲኹም ዋላስ ኣይፋልን ንምባል ነቲ ጉዳይኩም ክሪኤልኩም እዩ። እዚ ውሳኔ እዚ ከኣ ካብ እቲ ናይ ዑቕባ ሓቲትኩሞ ዘለኹም ጉዳይ ፍሉይ እዩ፡ እንተኾነ ግን ሓበሬታት ብዛዕባ ናይ ክልቲኡ ጉዳያት ኣብ መንጎ ክልቲኦም ነቲ ጉዳይ ሒዞሞ ዘለው ሰራሕተኛ ክካፈሉ ይኽእሉ እዮም።





# ፖሊስ ጸሓፊ

## መን ምኻኖም

ዝኾነ police officer ፖሊስ ጸሓፊ ናትኩም ደሕንነት ዝተማልኤ ከኸውን ሓላፍነት ኣለዎም፡ ከምኡ እውን ኩሉ ነገራት ከም እቲ ናይ ሃገር እንግሊዝ ሕጊ ዘፍቅዶ መንገዲ ይካዬድ ከምዘሎ ከኣ ከረጋግጽ ኣለዎ ከምኡ እውን ናይ ዝኾነ ዝተፈጸ ገበናት ምርመራታት ከካይሱ ኣለዎም። ፖሊስ ጸሐፍቲ እውን ሕጊ ከኽብሩ ኣለዎም።

## እንታይ ከምዝገብሩ

እንተ ድኣ ኣብ ሓደጋ ኣለኹም ኮይንኩም ወይ ከኣ ዝኾነ ዝተፈጸመ ገበን ከትሕብሩ ደሊኹም ብቑልጡፍ ምስ ፖሊስ ከትራኸቡ ኣለኩም። ቁጽሪ 999 ተሌፎን ደውሉ።

እንተ ድኣ ምስ ፖሊስ ከትዛረቡ ትፈርሑ ኮይንኩም ወይ ከኣ ናትኩም ዝርዝር ንፖሊስ ከይትህቡ እንተ ድኣ ደሊኹም ትኣምንኦ ኻልእ ልዕሊ ዕድመ ዝኾነ ሰብ ሓብሩ። ዝተፈጸ,ኣ ገነም ናትኩም ሽም ወይ ከኣ ዝርዝር ከይሃብኩም ንፖሊስ ከትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም።

ናይ ሃገር እንግሊዝ ናይ ግበን ሕጊ ካብ ናይ እቲ ንስኹም ዝመጻከሞ ሃገርኩም ፍልይ ዝበለ ከኸውን ይኽል እዩ። ንምሳሌ ኣብ እዚ ሃገር እንተ ድኣ ናይ ዘትኸከሞ ሽጋራ ካብ ጽርጊያ ደርቢኹሞ ሙልታ

እንተ ድኣ ካልእ ሰብ ነቲ ገበን ከትፍጽሙ ጌሩኩም ከኣ ንስኹም መጥቃዕቲ ከምዝወረደኩም እዩ ዝቁጸር ንዓኹም ሓገዝን ካብ ሓደጋ ነጻ ከትወጹ መታን ደሕንነትኩም ከትሕልው  የድልየኩም እዩ።

ኣይትረስዕዎ፡ እንተድኣ ምስ ፖሊስ ከትዛረቡ ትፈርሑ ኮይንኩም ንካልእ ልዕሊ ዕድመ ዝኾነ ሰብ ትኣምንዎ ሓብሩ ወይ ከኣ ተዛረቡ።





# ኩሎም ትሕቲ ዕድመ ዝኾነ ሰባት ሓደ ዓይነት መሰል እዮ ዘለዎም።

- እቲ ንስኹም ትብልዎ ነገራት ክስመዓልኩም መሰል ኣለኩም
- መንበሪ ገዛን  መግብን ክትእለዩን መሰል ኣለኩም
- ደሕነትኩም ዝተሓለወ ክኸውን ዓመጽን ጉድኣት (ምዝመዛ) ን  ከይወርደኩም መሰል ኣለኩም
- ገንዘብ ዘይከፈለሉ ናይ ጥዕና ሕክምናን ክትገብሩን ዶክቶር ክትሪኡን ናይ ስኒ ሓኪም ክሪኹን መሰል ኣለኩም
- ገንዘብ ዘይከፈለሉ ናይ ሙሉእ ሰዓት ትምህርቲ ክትመሃሩ መሰል ኣለኩም
- ክይትዕጸው ወይ ክትሕበሱ መሰል ኣለኩም
- ወለድኹም ክትደልዩን ክትረኽቡን መሰል ኣለኩም
- ካብ ካልእ ሰብ ከይትዳለው ወይ ከኣ ፍልይ ከይትብሉ መሰል ኣለኩም
- እንዳዓበኹም ከለኹም ምሉእ ዕቤታት ኽህልወኩም መሰል ኣለኩም

ኩነት: ብናይ ሃገር እንግሊዝ ሕጊ ሓደ ሰብ ዕድሚኡ ትሕቲ 18 እንተ ድኣ ኮይኑ ከም ቆልዓ/መንእሰይ እዩ ዝቑጸር። ሐደ ሰብ ትሕቲ ዕድመ እንተ ድኣ ኮይኑ እሞ ኸኣ ኣብ እዚ ሃገር ዝኣልዮም ሰብ እንተ ድኣ ዘይብሎም ኣብ በቶም ኣብ እቲ ዝነብርሉ ቦታ ዝርከብ ናይ መንግስቲ ቤት ጽሕፈት እዮም ዝእለዩ። እዚ ስለዝኮነ እዩ ከኣ እቶም ትሕቲ ዕድመ ዝኾነ መንእሰያት ኣብ ሃገር እንግሊዝ ዑቕባ ክሓቱ ከለው ኣብ-ትሕቲ - ምእላይ ዝኣትው።



ናይ ዝተፈላለየ ዓይንት ጸገማት መጥቃዕቲ ናይ ስውነት፡ ናይ ስነ ኣእምሮ መጥቃዕቲ፡ ምዝመዛ ወይ ከኣ ምግፋዕ ዕሸሽ ምባል  መጥቃዕቲ  ከይወርደኩም ተኸላኺሊ ነገር ጸግዒ ክልወኩም መሰል ኣለኩም ፡ እንተ ድኣ:

- ዝኾነ ሰብ ይጎድኣኩም ኣሎ ኮይኑ
- እቶም ልዕሊ ዕድመ ዝኾኑ ሰባት ክኣሊኹም ዝግብኦም እንተ ድኣ ከምግቡኹ ዘይኣሊይኹም ኮይኖም
- ዝኾነ ሰብ እንተ ድኣ የስርሓኩም ኣሎ ብዘይግቡእ ወይ ከኣ ክትገብርዎ ዘይትደልዩ ነገራት ክትገርቡ እንተ ድኣ ኣገዲዶምኹም
- ካብ እቲ ትነብርሉ ዘለኹም ቦታ ክይትዎጹ እንተ ድኣ ኣጊደምኹም*
- ዝኾነ ሰብ እንተ ድኣ ንዓኹም ወይ ከኣ ንወለድኹም ክጎድኡኹም እንተ ድኣ ኣፈራሪሖምኹም
- ንዝኾነ ሰብ እንተ ድኣ ዝኾነ ነገራት ይእውድኹም ኮይኖም ነጻ እንተ ድኣ ዘይኮንኩም ወይ ከኣ
- ወይ ከኣ ብዝኾነ ምኽንያት ፈሪሕኩም እንተ ድኣ ኮይንኩም...

...ንዓኹም ክሕዙ ዝኽእሉ ሰባት ኣለው እንተኾነ ግን ንስኹም ንትኣምንዎ ሰብ ኩሉ እቲ ጸገምኩም ክቲ ጸገምኩም ክትሕብሩ ኣለኩም። ወይ ን social worker (ሶሻል ዎርከር) ናይ ማሕበረሰብ ሰራሕተኛ፡  foster carer (ፎስተር ኬረር) ሞግዚት ወይ ከኣ ኣለይትኹም ወይ ከኣ ንስኹም ትኣምንዎ ሰብ ኣብ እዚ መግለጺ ጽሑፍ ዘሎ ምስኦም ክትዘራረቡ ትተኣማመንሉ ሓብሩ ኢኹም፡ ወይ ከኣ ኣብ ድሕሪት ናይ እዚ ጽሑፍ ዘሎ ቁጽሪ ተሌፎናት ደውሉ ኢኹም።

* ሓድ ሓደ ጊዜ እንተ ድኣ እቶም ዝኣሊኻ ናብ መንግስቲ ቤት ጽሕፈት ኣብ ሃገር እንግሊዝ ንዓኹም ሓደጋ ከውርደልኩም ዝኽእል ሰብ ኣሎ ኢሎም ዝኣምኑ ኮይኑ ምናልባት ምስኦም ትራኸብሉ መንገዲ ከዓጽዎ ወይከኣ ከኽልክሉ እይኽእሉ እዮም፡ እዚ ግን ናትኩም ደሕንነት ንምሕላው ዝገርብርዎ ነገራት ኣዩ፡ ንዝተወሰነ እዋናት ዝኣክል ስጋብ ደሕንነትካ ዝተማልኤ ዝኸውን ከኣ ናበይ ትኸይድ ምስ መን ትራኸብ ክቀጻጸርዎ ወይ ከኣ ኣብ ርሑቕ ቦታ ከይትከይድ ክኽልኩልኻ ይኽእሉ እዮም።  እዚ ግን ንምንታይ ከምኡ ከምዝኸውን ዘሎ ክገልጹልኩም ይግባእ።    ብዛዕባ እዚ እንተ ድኣ ተደናጊርኩም ወይ ከኣ ዘይተረድኣኩም ወይ ምስ ጠበቓኹም ወይ ከኣ ምስ ካልእ ልዕሊ ዕድመ ዝኾነ ሰብ ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም።



# ውሱን ውልቃዊ መምህር

## መን ምኻኖም

እቶም designated teacher ውልቃዊ ውሱን ዝኾኑ መምሃራን ኣብ ቤት ትምህርትኹም ወርይ ከኣ ኣብ ኮለጅ ዝርከቡ መምሃራን ብዛዕባኹም ዝምልከት ሓላፍነት ዘለዎም፡ ነቶም በቲ እት ትነብርሉ ከባቢ ዝርከብ ናይ ሜት መንግስቲ ቤት ጽሕፈት ኣብ ትሕቲ ምእላይ ዘለው ዝሕግዙ እዮም። ምናልባት ብኣኣቶም ወለሓንቲ ትምህርቲ ከይወሃበኩም ይኽእል እዩ። ብዛዕባ እቲ ኩነታትኩም ዝኾነ ሓበሬታት ክፈልጡ ይኽእሉ እዮም፡ እንተ ኾነ ግን ብዛዕባ ናትኩም ፍልይ ዝበለ ነገራት ብዛዕባ ወለድኹም ከምኡ እውን ንምንታይ ዑቕባ ትሓቱ ከምዘለኹም ከይፈልጡ ይኽእሉ እዮም፡ ዝኾነ ሓበሬታት ክፈልጡ ይኽእሉ እዮም።

## እንታይ ከምዝገብሩ

ፍልይ ዝብለ ንዓኹም ዝሕግዝ መምህር ብዛዕባ ናይ ትምህርቲ ዝምልከት ነገራት ክሕግዘኩም ወይ ከኣ ናይ ኮለጅ ዝምልከት ኣብኡ ዘድልየኩም ነገራት ክሕዝኹም እዮም፡ ኩሉ እቲ ናይ ትምህርቲ ዘድልየኩም ነገራት ከምዝማለኣልኩም ዘሎ ዘረጋግጹ እዮም፡ ምሳኹም ከኣ ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ብቐጸራ ክራኸቡ እዮም። እቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዘለኩም ጸገማት ተረዲኦም ወይ ከኣ ኮለጅ ተረዲውኦም ነቲ ዘለኩም ጸገማት ዘቃልል መፍትሕታት ምብርካብ ኣብ ቤት ትምህርቲ ከመይ ከምዘለኹም ንምፍላጥ ክትትል ክገብሩልኩም እዮም። ከምኡ እውን ንሳቶም ብዛዕባ እቲ ናትኩም ናይ Personal Education Plan (PEP) ፐርሶናል ኤዱከሽን ፕላን (ፐ.ኤ.ፕ) ውልቃዊ ትምህርቲ መደብ ዝምልከት እውን ሓላነት ኣለዎም።

ፍልይ ዝበሉ ብዛዕባ ኩነታት ትምህርትኹም ዝከታተሉ መምሃራን ከኣ ምስ ናትኩም social worker (ሶሻል ዎርከር) ናይ ማሕበርሰብ ሰራሕተና ኣብ ዝተፈላለየ ጊዚያት ኩነታት ትምህርቲ ከመይ ከምዘለኩም ከኣ ክዘራረቡ እዮም። እቶም ፍልይ ዝበሉ ንዓኹም ዝከታተልኹም መምሃራን ከኣ ነቶም ካልኦት ተምሃሮ ብዛዕባኹም ኣብ ትሕቲ ምእላይ ከምዘለኹም ክነግርዎም የብሎምን ወይ ከኣ ካብ እቶም ካልኦት ተምሃሮ ኣብ ቅድሚ ካልኦት ተምሃሮ ብፍልይ ዓይኒ ክሪኡኹም የብሎምን።



# (ተረፒ) ፋወሳ ወይ ከኣ ሕክምና

## መን ምኻኖም

therapist ሕክምና ወይ ፋወሳ (ወይ ከኣ ናይ ስነኣእምሮ ሓኪም) ንሰባት ናይ ጭንቀት ወይ ከኣ ካልእ ጸገማት ዘለዎም ዝኾነ ገቢድ ጊዜ ከሕልፉ ከለው ዝሕግዙ እዮም። በዚ ናይ ተረፒ ሕክምና መንገዲ ሰባት ብዛዕብኦም ብዙሕ እዮም ዝመሃሩም ከምኡ እውን እቲ ዘለውዎ ገቢድ ጸገማት ምብርዳእ ብዛዕብኦም ለውጢ ብምግበር ወይ ከኣ ኩነታትሞ ብምቕያር ነቲ ዘለዎ ጸገማት ከፈትሕዎ ይፋትኑ። መብዛሕትኡ ጊዜ ሓደሰብ ጽን ኢሉ ዝሰምዓካ ብምርካብ ወይ ከኣ ትዛረቦ ሰብ ምብምርካብ ከማን ጽቡቕ ክስመዓካ ይኽእል እዩ።

## እንታይ ከምዝገብሩ

እቲ ንዓኹም ዘጋጠመኩም ነገራት ወይ ኣብ ዝተወለድኩሙሉ ሃገርኩም ወይ ናብ ሃገር እንግሊዝ ክትመጹ ከለኹም ወይ ከኣ ዋላ ኣብ ኣዚ ሃገር ምስ መጻእኩም ዘጋጥመኩም ጸገማት ፍልይ ዝበለ ከቢድ ስሚዒታት ክገብረልኩም ይኽእል እዩ። ምንልባት ስምዒትኩም ሓዚንኩም ወይ ከኣ ሓሪቕኩም ወይ ከኣ ድቃስ ለይቲ ክትድቅዱ እንተድኣ ከቢድ ኮይኑ ረኺብኩሞ። ከምኡ እን ሕጂ እውን ብጣዕሚ ከቢድ ፍርሒ ይስመዓኩም ኣሎ ኮይኑ። ምስ ተረፒስት ብሓደ እንተድኣ ተራኺብኩም ሰሪሕኩም እቲ ዝስመዓኩም ስሚዒት ንምንታይ ከምዝኾነ ብዛዕባኹም ዚያዳ ክርደኣኩምን ከመይ ጌርኩም ነዚ ገቢድ ሕማቕ ስሚዒት ከተጥፋእዎ ከምትኽእሉ ክሕዙኹም።  እዚ ከኣ ናብ እቲ መዓልታዊ ሂወትኩም ዚያዳ ከተተኩሩ ይሕግዘኩም ከምኡ እውን እቲ መጻዒ ሂወትኩም። ከምኡ እውን እቶም ተረፒስት ብዛዕባ እቲ ናይ ስነኣእምሮ ኩነታትኩም መርትዖ (ጭብጢ) ነቲ ናይ ዑቕባ ሓቲትኩሞ ዘለኹም ዝሕግዝ ከኣ ክህቡኹም ይኽእሉ እዮም። እንተ ድኣ ምስ ተረፒስ ክትዘራረቡ ትደልዩ ኮንኩም ምስ foster carer (ፎስተር ኬረር) ሞግዚት ወይ ከኣ ኣለይቲ፡  social worker (ሶሻል ዎርከር) ናይ ማህበረሰብ ሰራሕተኛ ወይ ከኣ ምስ ጠበቓኹም ተራኸቡ።



# (ኣይ.ኣር.ኦ)(ኢንዲፐንደንት ረቪዊን ኦፊሰር) ፍልይ ዝበለ ራሱ ዝኽኣለ መርመርቲ ጸሓፍቲ

## መን ምኻኖም

ናይ IRO (ኣይ.አር.ኦ) ስርሖም ቀንዲ አቶም ናይ Local Authority (ሎካል ኣውዞሪቲ) ኣብ ከባቢኹም ዝርገብ ናይ መንግስቲ ቤት ጽሕፈት ንዓኹም ንምእላይ ከማልኦ ዘለዎ ነገራት ኩሉ የማልእ ከምዘሎ ዘረጋግጽን ዝከታተለን ሰራሕተኛታት እዮም። አቶም ናይ IRO (ኣይ.አር.ኦ) IRO ከኣ እቲ በቶም ናይ ማሕበረሰብ ሰራሕተኛ ዝተዋህበኩም መንበሪ ቦታ ንዓኹም ዝሰማማዕ ትኽክለኛ ቦታ ከምዝኾነን ንስኹም ከኣ ሕጉሳት ከምዝኾንኩም ከረጋግጹ ይግባእ። አቶም ናይ IRO (ኣይ.አር.ኦ) ሰራሕተኛታት ሰራሕተኛትት ርእሶም ዝኽኣሉ ካብ social workers (ሶሻል ዎርከርስ) ናይ ማሕብረሰብ ሰራሕተኛታት ፍልይ ዝበሉ እዮም።

## እንታይ ከምዝገብሩ

አቶም ናይ IRO (ኣይ.አር.ኦ) ሰራሕተኛታት እቲ ምእላይ ኩነታት ከመይ ይካየድ ከምዘሎ ዝቆጻጸሩ፡ ንዓኹም ዝከውን ናይ መጸኢ ሂወት ኩሎም አቶም ኣብ ናትካ ምእላይ ዝካፈሉ ሰራሕተኛታት እቲ ንስኻ ትብሎ ከኣ ሰሚዖም ብትኹረት ኣብ ግምት ከእትውዎ ከምዘለዎምን ኩሎም አቶም ኣብ ናትካ ምእላይ ዝካፈሉ ሰባት እቲ ኣብ መደብ ዝወጸ ከማልእዎ ዘለዎም ነገራት ኣብ ተግባር ከምዝውዕልዎ ዘለዎ ተኻታቲሎም ዘረጋግጹ እዮም። ምስ አቶም IRO (ኣይ.አር.ኦ) ሰራሕተኛታት እቲ ምእላይ ኩነታት ከመይ ይካየድ ከምዘሎ ዝቆጻጸሩ፡ እንተ ወሓደ ኣብ ሽዱስተ ወርሒ ሓንሳብ ምሳኹም ክራኸቡ ይግባእ።

እንተ ድኣ ዝኾነ ዓይነት ጸገማት ብዛዕባ እቲ ዝግበረልኩም ዘለሎ ምእላይ ወይ ከኣ እቶም social worker (ሶሻል ዎርከር) ናይ ማሕበርሰበ ሰራሕተኛ ንዓኹም እንተ ድኣ ዘይሰምዑኹም ኮይኖም ዝኾነ ዘለኩም ጸገማት እንተ ድኣ እቲ ጸገምኩም ዘይተፈትሓልኩም ኮይኑ ነቶም IRO (ኣይ.አር.ኦ) ክትሕርዎም ብጣዕሚ ኣገዳሲ እዩ።



# ኣገዳሲ ዝኾነ ቁጽሪ ስልከታትን ናይ ኢንተርነት ኣድራሻታት

ናይ ሕጹጽ ኩነታት ከጋጥመኩም ከሎ፡ ወይ ፖሊስ፡ ወይ ኣምቡላንስ ወይ ከኣ ናይ እሳት ሓደጋ ምክልኻል ክፍሊ እንተ ድኣ ኣድልዩኩም ቁጽሪ ተሌፎን 999 ደውሉ። እዚ ተለፎን እዚ ክትድውሉ ክለኹም ወለሓንቲ ገንዘብ ኣይክፈሎን እዩ ከምኡ እውን ኣስተርግምቲ ክጽወዓልኩም ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

---

እንተ ድኣ ፈሪሕኩም፡ ወይ ከኣ በይንኹም ኮይንኩም ጸምዩኩም፡ ወይ ከኣ ዝኾነ ዘፍርሕ ነገራት ኣለኩም ኮይኑ ወይ ከኣ ሓዚንኩም፡ ወይ ተዳናጌርኩም ወይ ከኣ ጥራሕ ምኽሪ ኣድልዩኩም በዚ ዝስዕብ ቁጽሪ ደውሉ ወለሓንቲ ገንዘብ ኣይክፎሎን እዩ 0800 1111 at ኣብ ዝኾነ ሰዓት ወይ ከኣ ኣብ ዝስዕብ ናይ ኢንተርነት ኣድራሻ ተወከሱ www.childline.org.uk

---

ገንዘብ ዘይክፈሎ ሓገዝ፡ ምኽሪ ወይ ከኣ ሓበሬታ ብፍልያ ከኣ ንቆልዑት ኣብ ትሕቲ ምእላይ ዘለው ወይ ከኣ ካብ ገዝኦም ወጸኢ ዝነብሩ፡ ናብ Children’s Commissioner’s (ቺልድረንስ ኮሚሽን) ናይ ቆልዑት ኮሚሽን ናይ ምኽሪ ቁጽሪ መስመር “Help at Hand” “ሄልፕ ኣት ሃንድ” ኣብ 0800 528 0731 (9ናይ ንግሆ ስጋብ-5 ናይ ምሸት ካብ ሰኑይ ስጋብ ዓርቢ) ወይ ከኣ ናብ ኢነተርነት ኣድራሻ ዝስዕብ ተወከሱ፡ http://www.childrenscommissioner.gov.uk/learn-more/help-at-hand

---

እንተ ድኣ ብሓይሊ ተገዲድኩም ክትሰርሑ ወይ ከኣ ክትገብርዎ ዘይትደልዩ ክትገብሩ ተገዲድኩም እንተ ድኣ ካብ እቲ ትነብርሉ ዘለኹም ቦታ ብነጻ ክይትወጹ ተኸልኪልኩም፡ እንተ ድኣ ዝኾነ ሰብ ወይ ንዓኹም ወይ ከኣ ንቤተሰብኩም ከጎድኡኹም የፈራርሑኹም እንተ ድኣ ሃልዮም እንተ ድኣ ዝኾነ ሰብ ጉድኣት የውርደልኩም ኣሎ ኮይኑ ወይ ከኣ ዝኾነ ሰብ ይቆጻጸረኩም እንተ ድኣ ኣሎ ኮይኑ ብዝኾነ ዓየንት መንገዲ፡ ናብ እቲ Modern Slavery Helpline (ሞደርን ስለይቨሪ) ዘመናዊ ግሊያነት ዝበሃል መስመር ቁጽሪ ተሌፎን ደዊልኩም ሓገዝ ወይ ከኣ ምኽሪ ኣብ ዝኾነ ሰዓት እዚ ዝስዕብ ቁጽሪ ተሌፎን ደውሉ 08000 121 700

---

እንተ ድኣ ትሕቲ ዕድመ ኮይንኩም ብዘይ ወለዲ ወይ ከኣ ኣልይትኹም ናብ እዚ ሃገር መጺእኩም ዑቕባ ክትሓቱ ብዛዕባ እዚ ከኣ ምኽሪ ደሊኹም፡ ናብ Children’s Section of the Refugee Council (ቺልድረን ሰርቪስ ረፉጂ ካውንስል) ዝብል መስመር ናብ 020 7346 1134 ወይ ከኣ ብኢመይል ኣድራሻ children@refugeecouncil.org.uk

---

ኣብ ጥቓኹም ዝርከብ ሓገዛት ክትደልዩ እንተ ድኣ ደሊኹም ኣብ እዚ ዝስዕብ ዌብ ሳይት ኣድራሻ ካቲኹም ክትደልዩ ትኽእሉ ኢኹም፡ www.miclu.org/servicesmap

**If you are an adult and you want to help a child who you think might have been trafficked or is in danger of exploitation, or if you would like to understand more about the asylum process, you can find useful information below:**

**NSPCC’s Child Trafficking Advice Centre:**
www.nspcc.org.uk

---

**NSPCC have a helpline 0808 800 5000 and email too:**
www.nspcc.org.uk/preventing-abuse/child-abuse-and-neglect/child-trafficking

---

**Every Child Protected Against Trafficking (ECPAT):**
www.ecpat.org.uk

---

**Coram Children’s Legal Centre – Migrant Children’s Project:**
www.childrenslegalcentre.com/about-us/what-we-do/migrant-childrens-project

MiCLU Migrant & Refugee Children’s Legal Unit

December 2017

Design & illustration by www.theportcreative.com